# ሓገዝ ትርጉም ክንክን ጥዕና ንሓደስቲ ዝመጹ

ሰላም። ምስ ሓኪመይ
ክዘራረብ ይደሊ ኣለኹ።
ምትርጓም ዝሕግዝ ሰብ
ይህሉዶ ይኸውን?



ሆስፒታላት ሓካይምን ካልኦት ክኢላታት ክንክን ጥዕናን ክሕግዝኹም
ዝኽእሉ ክኢላታት ተርጎምቲ ክቕርቡ ከምዝኽእሉ ትፈልጡዶ? ተርጎምቲ ክንክን ጥዕና፡

1. ብቋንቋን ብትርጉምን ዝሰልጠኑ ምኳኖም።
2. ምልከት ቋንቋታቶም ዘለዎም።
3. ሕግታት ምስጢራውነት ፡ ርጡብነትን ዘይሻራውነትን ከምዝኽተልዎ።

ተርጎምቲ ክንክን ጥዕና ፡ ስርዓት ክንክን ጥዕና ይርደኦምን ንዓኹምን ንወሃብቲ ክንክን ጥዕናን ክትረዳድኡ ክሕግዝኹም ይኽእሉን።
እዚ ኣገልግሎት ንስኹም ብነጻ ክትጥቀሙሉ ትኽእሉ እዩ።

ተርጓማይ ምጥቃም ንምንታይ ኣገዳሲ ይኸውን?
እንግሊዝ ጽቡቕ ዘይትዛረቡ ምስትኾኑ ፡
ናብ ሓኪምን ሆስፒታልን ክትከዱ ከለኹም
ሓገዝ ናይ መሓዙትኩምን ስድራቤትኩምን ትደልዩ ትኾኑ።

ምጥቃም መሓዙትኩምን ስድራቤትኩምን ንምትርጓም ዝሓሸ ከይከውን ይኽእል ምኽንያቱ፡

1. ሓደ ሓደ ግዜ መሓዙትኩምን ስድራቤትኩምን ግዜ ዘይብሎም ይኾኑ እሞ ክሕግዙኹም ኣይክእሉን ፡
   እኹል ኣፍልጦ እንግሊዝ ዘይብሎም ይኾኑ ወይ ምናልባት
   ስርዓት ዘይርድኦም ክኸውን ይኽእል።
2. ብሕታውነትን ምስጢራውነት ኣይህሉን።



## ከመይ ጌረ ተርጓማይ ክረክብ ይኽእል?

- ናብ ሓኪም ወይ ክኢላ ክንክን ጥዕና ምስከድኩም ፡ ናይ ተሌፎን ትርጉም ምስዝደልዩ ብመንገዲ ጥዕና ፍረይዘር ወይ ክፍለ ሃገራዊ ኣገልግሎት ቋንቋ ክጠልቡ ከምዝኽእሉ ኣዘክርዎም።

- ንገለ ምርኣይ ኣብ ሆስፒታልን/ቆጸራታትን ፡ ብኣካል ዝወሃብ ትርጉም ንኽትሓቱ ትኽእሎታት ኣሎ። ግን እንተኾነ ፡ ብጃኹም ንኽትጠልቡ ናብ ሓኪምኩም ኣቐዲምኩምብምኻድ ወይ ብምድዋል ሕተቱ።

A PROJECT OF:
DIVERSEcity community resources society
FUNDING BY:
BRITISH COLUMBIA
WelcomeBC
SOUTH FRASER Refugee Readiness Team